



# ዮሃና : ዮሃና ! ወዲ ኤረ ጅግና :

ዮሃና ! ድርብ ደራርብ ዮሃና ! ክብለካ ደጋጊመ
"ሉባ" ሃብሮማይ ! ክብለካ ትርንዕ ኢለ
እንቋዕ ናብ'ዚ ኣብጸሓካ : ሓየት ወዲ ኤረ
ከፊልካ ዝመረረ : እቶትካ ኮይኑ ዝመቀረ :

ጻላእትና ድሂኽና : ኮስቲርና ምድሪቤትና
ብኒሕን ጽንዓትን ዝተነድቀ : ዘይንደል ድርዒና
ኣብነት ናይ ኣፍሪቃ : ስያመ ተጠሚቕና
ናይ ክብሪ ሓለፋ : ዘውዲና ደፊእና
ዝተባረኸት ዘውዲ : ምርቓቲ ብወለዲና :

ምስ ርእሰ-ሓያላን ገጢምና : ተንኮላቶም በናጢስና
እገዳኦም ተርቢዕና : ወዲናያ መጠምጠምያ
ንጃንዳ ወያነ : ኣብ ተፎይቶ ዓጺና
ንጋህሲ ደርቢናያ ! ሓቖኑንና ኣጽዊና
ባይ ባይ ወያነ : ህዎ'ዩ ኣብ መንጎና :

ያኢ ! እዚ ወርናቕ ንስሪ : ሃሊሉ ዓይኒና ከንቀኑር
ቀኒዑ ዘይፈልጥ : ብገላቢጦሽ ዝነፍር
ኣምስሉ ! ሓቂ ቀቢሩ : እንቅዓ ዝዓፍር
ብኹሉ ረቲዕካዮ : ብብልሒን ጽንዓትን :

ሰብ ቅዳድ ለቐታ : እንተበሉ ዘወን-ወን
ኣዲኦም ሞይታ : እንተ ኣብዝሒ ተገነን
ንሳቶም ሎኹሳሳት : ልኡኻቶም ኪነሚን
ኣበይ'ም ክዳረጉኻ : ኣበይ ዒራን ጥቓን
ሓለውቲ እቶን'ዮም : ቁራዕን መሶቓን :

ንስኻ ግን ! ውዕለትካ ረዚን ብኹሉ ኣብ ኩሉ
ከውሒ ተፈሊጹ :  ማይ ሂወት ነቲዑ
ዲጋታት ተሃኒጹ : ራህያታት መሊኡ
ግርሁ ለምሊሙ : ቀጠልያ ተሰሊሙ
ቀውዒ በሪሁ : ህዝቢ'ውን ተፈሲሁ :

ትምህርቲ ኣብ ጥቓና : ሕክምና ኣብ ኣፍደገና
ድግሪታት ብስርግፍኦ : ንምህዞ በቒዕና
ንምዕባለ ሃገር : መርሓ ጐዳና መድሚድና
ኣሰይ ! ማሕላና ተጋሂዱ : መሊኡ ዕጥቂና :

እዛ ኤርትራና : ናይ ሂወትና ማመት
ንዳግመ ህንጻ ንውፈር : ብሓደ ህርመት
ኩሉ ዜጋ : ዕጥቁ ከየዝብል የብሎ ገጥ
ብስራሕን ጻዕሪን'ዩ : ዝርከብ ክብረት
ንኩባዕ ዝላ : ብሓበን ንቀበላ ንዓመተ 2021

ሞጎስን ክብሪን ንጀጋኑ ሰማእታትና !
ዓወት ንሓፋሽ
መድሃኔ ተስፋኣለም 20.12.2020